# ነቲ ዝወሃበኩም ናይ ጽግዕተኛታት ሓገዝ ሓደ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ኣባል ምስ እትውሰኽሉ

ጥሪ 2010

Tigrinya

ኣብዚ እዋን እዚ ካብ ቤት ጽሕፈት ውሽጢ ጉዳያት (ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ) ናይ ጽግዕተኛታት ሓገዝ (ቅድሚ ሕጂ NASS ተባሂሉ ዝጽዋዕ) እንተደኣ ትቕበሉ ኣሎኹም እሞ በዓል ቤትክን፣ በዓል ቤትኩም ወይድማ ካልእ መጻምድትኹም ናባኹም ናብ ስኮትላንድ እንተደኣ መጺኡ፤ ኣብቲ እትቕበልዎ ናይ ሓገዝ መዝገብ ከም ጽግዕተኛ ክተእትውዎም ይከኣል እዩ።

ኣብቲ እትቕበልዎ ሓገዝ ኣእቲኽሞም ማለት ግና ናይ ጽግዕተኛ ፍቓድ ንምውሳድ ኣብቲ ናይ ጽግዕተኛ ሕቶኹም ኣትዮም ማለት **ከምዘይኮነ** ግና ክትግንዘቡ ይግባእ። ናይ ድስራቤትኩም ኩነታት ምቕያር ኣብቲ ናይ ስደተኛታት ጉዳይኩም ጽልዋ ክህልዎ **ስለዝኽእል፡** ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ምስቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ክትዘራረብሉ ከምዘለኩም ንሕብር።

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ኣብቲ ካብ ውሽጣዊ ጉዳያት እትቕበልዎ ናይ ጽግዕተኛታት ሓገዝ መን ከም እኩል ሰብ ከተእትዉ ከምእትኽእሉ፡ ከምእውን ነቲ እተቕርብዎ ሕቶ ዝድግፍ እንታይ ዓይነት ሰነዳት ከም ዘድልየኩምን ብኸመይ ክንሕግዘኩም ከምእንኽእልን ዝገልጽ ጽሑፍ እዩ።

## ናብቲ እትቕበልዎ ዘለኹም ሓገዝ መን ከም ጽግዕተኛ እኹል ሰብ ክትውስኹ ትኽእሉ?

ኣብቲ ናይ ጽግዕተኛታት ሓገዝ ሓደ እኩል ሰብ ከም ጽግዕተኛ ክትውስኹ ምስ እትደልዩ፡ በቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዝፍለጡ ክኾኑ **ይግባእ።** ነቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ገና እንተደኣ ዘይተወከስክሞ ኰንኩም ወይድማ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ጽግዕተኛ ፍቓድ ክወሃበኩም እንተደኣ ዘየመልከትኩም ኰንኩም፡ ዝኾነ ተወሳኺ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድኩም ንናይ ሕጊ ኣማኻሪ ከተዘራርቡ ይግባእ።

እቲ መጻምድትኹም ኣብቲ ካብ ናይ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት እትቕበልዎ ሓገዝ ንኸተእትውዎ፡ ካብዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ነገራት ሓደ ዘማልእ ክኸውን ይግባእ። ከምዚ ዝስዕብ ክኾኑ ይግባእ፥

- ንዓኹም ዝተመርዓዉ፣ **ወይድማ**
- ከምዘይተመርዓዉ መጻምድቲ ኮይኖም፡ ብውሕዱ ኣብተን ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ምሳኹም ዝተቐመጡ፣ **ወይድማ**
- ናይ ጽግዕተኛ ሕቶኹም ቅድሚ ምንጻጉ ኣብኡ ከምጽግዕተኛ ዝተመዝገቡ ክኾኑ ይግባእ።

## መጻምድተይ ከም ጽግዕተኛ ንኽእትዎ እንታይ ዓይነት ሰነዳት ከቕርብ ይግባኣኒ?

ኣብቲ እትቕበልዎ ናይ ስደተኛታት ሓገዝ እኹል ዝኾነ ሰብ ከም ጽግዕተኛ ንኽትውስኹ፤ ናብቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት፡ ብኣኹምን በቲ ካልኣይኩምን ዝተፈረመ ናይ ጽሑፍ ምልክታ ከተእትዉ ይግባእ። ከምእውን ንዝምድናኹም ዘረጋግጽ መርትዖታት ከተቕርቡ ይግባእ። ብቑዕ ዝኾነ መርትዖ ከምዚ ዝስዕብ ዘጠቓልለ ይኸውን፥

- ናይ መርዓኹም ሰርቲፊኬት
- ናይ ሰበይትኹም፣ ሰብኣይክን፣ ወይድማ መጻምድትኹም ከምወላዲ ዝገልጽ ጽሑፍ ዝሓዘ፡ ናይ ውላድኩም ናይ ትውልዲ ሰርቲፊኬት።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዘገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639

እንተደኣ ምርዕዋት ዘይኮንኩም ወይድማ ናይ መርዓኹም ሰርቲፊኬት ወይድማ ናይ ውላድኩም ናይ ትውልዲ ሰርቲፊኬት ክትረኽብዎ እንተደኣ ዘይከኣልኩም፡ ከምዚ ዝሰዕብ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፥

- ናይ ጽግዕተኛ መነብሪ ፍቓድ ንምርካብ ምስ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዝገበርክሞ ቃለመጠይቅ(ቓት) ወይድማ ኣብቲ ዘእተኽሞ ምልክታ ነቲ መጻምድትኹም ከምዝጠቐስክሞ ዘረጋግጽ መረጋገጺ ሰነድ
- ናይ ክልቴኹም ስም ዘለዎ ኣብ ሓደ ዓይነት ኣድራሻ ዝመጽእ ናይ ክፍሊት ቅብሊት ወረቓት
- ቅዳሕ ናይ፡ ኣብቲ ንናይ ጽግዕተኛ ዘቕረብክሞ ሕቶ ወይድማ ናይ መሕትት ቅጺ፡ ነቲ ምጻኹም ተጸጊዑ ዘሎ ሰብ ዝጠቅስ ከምእውን ዝምድናኹም ዘረጋግጽ።

## ብኸመይ ክንሕግዘኩም ንኽእል?

ነቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት እተእትውዎ ናይ መጀመርያ ናይ ጽሑፍ ሕቶ ኣብ ምምላእ ንዓኹም ኮነ ንመጻምድትኹም ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና። ነቲ ናይ ጽሑፍ ሕቶ ቅድሚ ምእታውና ንዓኹምን ነቲ መጻምድትኹምን ኣብ ነንበይንኹም ጌርና ከነዘራርበኩም ናይ ኣሰራርሓና ፖሊሲ ምዃኑ ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ሕቶኹም ብምርኣይ መስርሑ ክጅምር ብዙህ ሰሙናት ክሓትት ይኽእል እዩ። እቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ድማ ዝሀብዎ ውሳኔ እንታይ ከምዝኾነ ንዓኹም ብቐጥታ ክልእኽልኩም እዩ። ድሕሪ ኣርባዕተ ሰሙናት ካብዚ ናይ ውሽጣዊ ጉዳያት መልሲ እንተደኣ ዘይተቐበልኩም፡ ብክብረትኩም ተወከሱና።

ሓበሬታ ናይ አድራሻኹም ክትቅይርዎ እንተደኣ ደሊኹም ወይድማ ኣብቲ ኩነታትኩም ዝኾነ ዓይነት ለውጢ እንተደኣ ኣሎ ኰይኑ ብናይ ናጻ **ቴሌፎን 0800 085 6087** ብምድዋል ተወከሱና።

## እቲ ዘቕረብክዎ ሕቶ እንተደኣ ተነጺጉ እንታይ ክገብር እኽእል?

ዘእተኽሞ ሕቶ እንተደኣ ተነጺጉ፡ ናብ ናይ ስደተኛታት ሓገዝ ቤትፍርዲ (AST) ተባሂሉ ዝፅዋዕ ናይ ግሊ ክፍሊ ይግባእ ንኽትብሉ ክንሕግዘኩም ኢና። ናይቲ ይግባይ እትብልዎ ዝርዝር ትሕዝቶ ነቲ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ዝሀብዎ ምኽንያት መሰረት ይኸውን።

ጉዳይኩም ናብቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብምምጻእ ብኣካል ከተቕርብዎ እንተደኣ ደሊኹም ነቲ ኣብ ለንደን ዝግበር ናይ ይግባኝ ቀጸራ ፍርድ ንኽትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። ነቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ክትስተፉ ከምእትደልዩ ኣቐዲምኩም እንተደኣ ሓቢርኩም ኰንኩም ናይ መጎዓዝያ ወጻኢታት ክኽፍልልኩም ይኽእሉ ይኾኑ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዝገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639